Perth Children's Hospital

ናይ ጥዕና ሓቅታት

# ረስኒ ኣብ ህጻናት

## ረስኒ እንታይ ኢዩ?

ረስኒ ማለት ካብ ዓቕን ንላዕሊ (ልዕሊ 38 ዲግሪ) ነፍስና ክረስን ከሎ ኢዩ። ረስኒ ነፍስና ንዘጋጥመና ረኽሲ ንምክልኻል ዝፍጠር ተፈጥሮኣዊ ግብረ መልሲ ኢዩ። እቲ ረስኒ ባዕሉ ምሕካም ኣድላይ እኳ እንተዘይኮነ ፥ ቁልዑ ረስኒ ምስ ዚህልዎምን ዝያዳ ከሕሞም ስለዝኽእል መድሃኒት ምስተዋህቦም ፍኹስ ክብሎም ይኽእል እዩ።

ህጻናት ረስኒ ከስዕብ ዝኽእል ንእሽተይ ሕማም ክሓምሙ ልሙድ ኢዩ። ቆልዑት ዕድሚኦም ብዝነኣሰ ቑጽሪ ሕማም ይመላለሶም። ሕማማት ረኽሲ ህጻናት ምስ ካልኦት ህጻናት ርክብ ምስ ዝህልዎም፡ ከም ናብ መዓልታዊ ክንክን ማእኸል ወይ ትምህርቲ ክጅምሩ ከለዉ ኣዝዩ ልሙድ እዩ።

ህጻናት ኣብ ዓመት ካብ 5 ክሳብ 10 ሕማማት ረኽሲ ኪጋጥሞም ንቡር እዩ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ 2 ወይ 3 ተኸታተልቲ ክኸሰቱ እዮም። ኣብ መዓልታዊ መዕበዪ ህጻናት ዝኸዱ ህጻናት ካብቶም ዘይከዱ ኣብ ዓመት ብዕጽፊ ዝበዝሐ መልከፍቲ ኪጋጥሞም ይኽእል ኢዩ። ሓድሓደ ግዜ ፈጺሞም ጽቡቕ ዘይኮኑ ክመስሉኹም ይኽእሉ እዮም፣ እዚ ግን ናይ ግድን ክጨንቐኩም ዝግባእ ነገር ኣይኮነን። መብዛሕትኡ ግዜ ወለዲ ውላዶም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ጸገም ከምዘለዎ ብምሕሳብ ይጭነቑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ግን ከምኡ ኣይኮነን።

## ጠንቂ ረስኒ እንታይ እዩ?

መብዛሕትኡ እዋን ጠንቂ ረስኒ ከም ናይ ሰዓል ዝበሉ ቫይረሳት ኢዮም። ጠንቁ ባክተሪያ ዝኾነ ረስኒ ብዙሕ ልሙድ ኣይኮነን። ረስኒ ብሰንኪ ምውጻእ ስኒ ዝመጽእ ኣይኮነን፡ ምውጻእ ስኒ ግን ንውላድኩም ዓወጽወጽን ቀጨውጨውን ክብሎ ይኽእል ኢዩ። ረስኒ ውላድኩም ዝለዓለ ምዃኑ ውላድኩም ከቢድ ሕማም ረኽሲ ሒዝዎ ኣሎ ማለት ኣይኮነን።

## መብዛሕትኡ እዋን እንታይ'ዩ ዘጋጥም?

ውላድኩም ረኽሲ ከም ዘለዎ ዘርኢ ቀዳማይ ምልክት፡ በቃ ምንቅስቓሶም ብሓፈሻ ከምቲ ልሙድ ዘይምዃኑ እዩ። ድሕሪኡ ረስኒ ፥ ድኻምን ቀጨውጨው ማለትን ክተስተብህሉ ትኽእሉ ኢኹም። ብልሙድ ከምዝበልዕዎ ኣይበልዑን ወይ ከምዝጻወትዎ ኣይጻወቱን። መብዛሕትኦም ቫይረሳት ንኽባቢ ሓደ ሰሙን ዝጸንሑ ኮይኖም፡ እተን ቀዳሞት መዓልታት ግን መብዛሕትኡ ግዜ ዝኸፍኣ እየን።

## ክንክን ረስኒ ንዘለዎ ቆልዓ

ረስኒ ውላድኩም ኣዝዩ ዝለዓለ ኾይኑ ቅልውልው እንድሕር ዘብሎ ኾይኑ ነዚም ቀለልቲ ስጉምትታት ክትፍትኑ ትኽእሉ ኢኹም፤

- ንውላድኩም ቀሊል ምቹው ክዳን ክደንዎ - ምስ ከባቢ ኣየር ዝሳማማዕ። ኣብ ዝሑል ቦታን (ብዝሑል ማይ እንድሕር ኣሊኽክምዎ) ነፍሱ የነጥቅጦ መጠን ረስኑውን ይውስኽ።
- ፓራሲታሞል ወይ ኢቡፕሮፈን (ክልቲኦም ንቃንዛ ዝፍውሱ መድሃኒታት እዮም) ውላድኩም እንድሕር ቅልውልው ዘብሎን ዘይተመቸዎን ኮይኑ ሃቡዎ፣ ግን ንረስኒ ጥራይ ኣይኮነን ዝወሃብ።
- ውላድኩም ከምቲ ንቡር ምግቢ እንተዘይበሊዑ ብዙሕ ኣይትጨነቑ ፥ ኮይኑ ግን እኹል ዝስተ ይሰቲ ከምዘሎ ኣረጋግጹ። ደጋጊምኩም ዝስተ ነገር ንክሙዕግ ፈትኑ።
- መብዛኡቶኦም ሕማማት ቫይረስ ፍሉይ ዝኾነ ሕክምና ኣየድልዮምን። ሕማም ባክተርያ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ከድልዮ ይኽእል እዩ፥ ሓኪምኩም ድማ ኣድላይነት ናይዚኦም ክግምግም እዩ።

## ሓገዝ መዓዝ ከምዘድልየኩም

ብዛዕባ ውላድኩም እንተተጨኒቕኹም፡ ወይ ውላድኩም ካብዞም ዝስዕቡ ምልክታት እንተሃልይዎ ናብ ሓኪም ክትከዱ ኣለኩም፤

- ሕማም ርእሲ ወይ ቃንዛ ኽሳድ
- ድኻም ወይ ድቃስ ወይ ቀንዘልዘል እንድሕሪ ዝብል ኮይኑ።
- ብዙሕ ቅልውልው/ቀጨውጨው እንድሕር ኣቢልዎ
- ፈኩስ ሕማም ክሕዞ ከሎ ካብቲ ዘርእዮ ኩነታት ዚያዳ ዝሓመመ ምኺኑ እንድሕር ተዓዚብኩም
- ሽንቲ ማይ ክሸይን ከሎ ቃንዛ እንድሕር ኣለዎ ኾይኑ ወይ ቁርጸት ከብዲ እንድሕር ዘለዎ ኾይኑ
- ሽፍታ እንድሕር ሃልይዎ
- ዕድመ ውላድኩም ትሕቲ ሰለስተ ወርሒ እንድሕር ኮይኑን ረስኒ እንድሕር ዘለዎ ኮይኑ።

ዘሰከፈኩም ካልእ ነገር እንተሃልዩኩም ንውላድኩም ናብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ወይ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ውሰድዎ።

Government of **Western Australia**
**Child and Adolescent Health Service**

**Child and Adolescent Health Service**
15 Hospital Avenue, Nedlands, WA, 6009.
ቁጽሪ ስልኪ: (08) 6456 2222
ብክፍሊ ህጹጽ ሓገዝ ዝተዳለወ
Ref: 343.11 © CAHS 2023

**እዚ ሰነድ እዚ ንሓደ ስንክልና ዘለዎ ሰብ ብዝተሓተተሉ ኣገባብ ብኣማራጺ ቅርጺ ክቐርብ ይኽእል ኢዩ።**

**መዘኻከሪ:** እዚ ሕታም እዚ ንሓፈሻዊ ትምህርትን ሓበሬታን ተባሂሉ ዝተሓትመ ኢዩ። ንዝኾነ ድልየት ሕክምናዊ ምኽሪ ንብዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ኣዘራርቡ
© State of Western Australia, Child and Adolescent Health Service